# ንደንበ ሓሰውቲ ዘርዓደት፡ ሓቂ ዝሕመረታ ኤሪ ቲቪ!








ኣብዚ ቅንያት'ዚ፡ ደንበ ሓሰውቲ፡ ምስቶም ከይጸዋዕካዮም ኣቤት ዚብሉ ከደምቶምን ሒደት ከደዓትን፡ ካብ ተስፋ ምቝራጾም ዝተበገሰ፥ ንኤርትራን ህዝባን ከናሽዉ፥ ብፍላይ ድማ ነቲ ኣብ ልቢ ኤርትራውያን ፍሉይ ቦታ ዘለዎ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ብጥንቆላን ሽሕርን ናይ ሕማምን ሞትን ሓሶታት ኪምነዩን ኪነዝሑን ቀንዮም ኣለዉ። እቲ ጥዑይ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ ዘይገብሮ ጥፉሽ ጠቕነኦም ግን፥ ምናልባት ደኾን ንገለ ውሑዳት ገርሂ ልቢ እንተሻቐለ'ምበር፥ ኤሪቲቪ ንዚከታታል ኾሉ መስሓቕ ካብ ምዃን ሓሊፉ ዝፈየዶ ነገር የለን። ኣደ ኤሪቲቪ ዝኾነት ሬድዮ ድምጺ ሓፋሽ፡ ካብቲ ጽኑዕ ደጀን ሳሕል ኪትፍኖ ካብ ዝጀመረትሉ ግዜ፡ ንህዝቢ ሓቂ ስለዘሰነቐት፥ ህዝቢ ኤርትራ በቲ ዚፍኖ ዚነበረ ሓሶትን ጸለመን ጸላእቲ ስለዘይተደናገረ፤ ኣብ ጉኒ ሰውራኡ ጸኒዑ'ዩ ንኹሉ ዓንዳሪ ወራራቶም ደማሲሱ ብቕልጽሙ ዓወቱ ዝጨበጠ። እነሆ ኸኣ ሕጂ፡ **ኤሪቲቪ (SERVING THE TRUTH)** ብዚብል ቴማ፡ ብግዜ ዘይሰዓር ነባሪ ሓቂ፡ ኪንዮ ኤርትራ ንመላእ ዓለም ተሰንቒ ኣላ። ስለዚ'ያ ድማ፡ **ኤሪቲቪ እንተኢላቶ ኣኸለ፡** ክሳብ ትበሃል ተተኣማምን ምንጪ ሓቂ ኰይና ዘላ። ነቲ እትፍንዎ ሓቂ ኪጻወርዎ ዘይከኣሉ ሓሰውቲ፡ ዓመጽትን ከደምቶምን ከኣ፡ ዕብድብድ ኣትዩዎም ንምዕፋና ይጽዕሩ'ለዉ። ሓቂ ብርእሳ እንተቐበርካያ ብእግራ ስለእትወጽእ ግን፥ ጕዶም ተቓሊዑ ዕርቃኖም ዝወጹሉ ርሑቕ ኣይኮነን። ቀጠባዊ ቅልውላው መላእ ዓለምና ከኣ፡ ብርግጽ ነዚ'ዩ ዝገልጸልና ዘሎ። ሓቀኛታት ግን ዘሕብንን ነባርን ታሪኽ የመዝግቡ ኣለዉ።

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

መትከል ኣስመሮም ሽወደን።